# ማትዎስ፡ ምቅሉል እምብልታ ህዝቢ ዝኮነ ጋዜጠኛ

ሰራዊት ጸላኢ ስዒሮም ሓመድ መሲሎም፡ኩሽፍ ተጠምጢሞም፡ ቆጽሊ ዝተሸፈና ታንክታትን እንዳ ሰነይኦም፡ ጀጋኑ ተጋደልቲ ናብ ከተማ ኣስመራ ክኣትዉ ከለዉ ካብቶም ኣብ ጎዳይፍ እንዳዘለሉ ዝተቀበልዎም መንእሰያት ሓደ እዩ ማቲዎስ ሃብትኣብ። ከም ኩሉ ኤርትራዊ መንእሰይ፡ ልቡ ብባህታ ተፈንጪሑ፡ ናጽነት እንቋዕ ተረክበ እንበር፡ ኤርትራ ብኹሉ ኣብነት ምዕባለን ዲሞክራሲን ክትከውን እያ ኢሊ ዘተማባጽዐ መንእሰይ እዩ። ኣብ ሞንጎ ዞም ናጽነት ዘረጋገጹ ሙዑታት ተጋደልቲ፡ ቦጅባጃት፡ ስሱዓት፡ ሎኽላኻትን ኣለዎም ኡሉ ኣይሓሰበን። ግን ዘበነ ግርንቢጥ በጺሕናስ ኽርዳድ፡ እክሊ፡ እክሊ ድማ ክርዳድ ኮይኑ፡፡ ዓመጽ ሕጊ፡ ሕጊ ድማ ዓመጽ ኮይኑ። ዓሰርተ ዓመት ድሕሪ ናጽነት፡ ማቲዎስ ጋዜጠኛ ኮይኑስ ግዳያት ሰናይ ድልየቱን ኣደዳ ሃለዋት ምጥፋእ ኮይኑ። ማትዎስ ግን መንዩ?

ማትዎስ ኣብ ጎዳይፍ ተወሊዱ፡ ኣብ ጎዳይፍ ዝዓበየ መንእሰይ እዩ። እዚ መንእሰይ ካብ በቲ ቀንዲ መጸውዒ ስሙ ማቲዎስ ብማቹ እዩ ዝፍለጥ። ማትዎስ ካብቶም ናይ መጀመርታ ድሕሪ ናጽነት  ኣስመራ ዩኒቨሪሰቲ ዝኣተዉ ተማሃሮ እዩ። እቲ ቅድሚ ናጽነት ንሃገሩ ገነት ንምቅያር ዝነበሮ ሃራርፎትን ምንዮትን ህያው ንከገብረሉ ዝክእል ናይ ትምህርቲ ዕድል ምርካቡ ዝተፈስሀ ኤርትራዊያን መንእሰያት እዩ ማቹ። ከም ሓዲሽ ተማሃራይ ዩኒቨርሰቲ መጠን፡ ንሃገሩን ህዝቡን ካብቲ ተደጋጋሚ መግዛእቲ ወሪድዎም ዝነበረ ማህሰይቲ ንምሕዋይ ራኢ ስውኣትን ሰንኩላትን ኮታ ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ ንምትግባር ካብ ዝተዓጥቁ መንእሰያት ምንባሩ ብቀረባ ዝፈልጥዎ  የዕርክቱ  የዕልልሉ።

ማቹ ከደራይ ምዕሩግ ማእከላይ ቁመት ዘለዎ፡ ፈሽክታ ካብ ገጹ ዘይፍለ ደልዳላ መንእሰይ እዩ። ማቲዎስ ፍሉይ መለለይኡ መነጽር ዓይኒን ጂለን ምውዳይ ዝፈቱ ሙኚኑ እዩ። ከም ብቀረባ ዝፈልጥዎ የዕሩኽቱ መማህርቱን ዘዕልልሉ ካብ ህጻንነቱ መጽሓፍ ምንባብን ምጽሓፍን ይፈቱ ሙኚኑ እዩ። እዚ ኣመል እዚ ስለዝደረኮ ድማዩ ኣብ 1997 ኣብ ኣስመራ ዩንቨርስቲ ብሕሳብ ዝተመረቀ ክነሱ ናብ ጋዜጠኛነት ዝኣተወ። ምስ ዳዊት ሃበተሚካኤል (ወዲ መምህር)፡ የዕብዮ፡ ሰላሚንገስ፡ ኢሰያስን ነታ ድሮ ተመስሪታ ዝነበረት ጋዜጣ መቓልሕ ከካይድዎ ዝጀመሩ። ማትዎስ ዋና ኣሰናዳኢ ጋዜጣ መቓልሕ እዩ ኔሩ። ጋዜጣ መቓልሕ ናይ ብሓቂ ሓላፍነታዊትን እምብልታ ህዝቢ ክትከውን ዝካኣለት ጽቡቅ ኣታኣላልያ ማቲዎስ ሃብትኣብ እዩ።

ጋዜጣ መቓልሕ ሓንቲ ካብ ህቡባት ናይ ብሕቲ ጋዜጣታት ንክትበቅእ ዘክኣላ ፍሉይ ሮቃሒ ግርህናን ቅንዕናን ሰናይ ድልየት ኣዳለውታን እዩ።  እዞም መንእሰያትን ሰብ ሰናይ ድልየት ጋዜጠኛታት ከምቲ ዝበልዎ መቓልሕ ህዝቢ ክኮኑ ሰለዘለዎም ድማዮም ብዝይ ኣድልዎን ኣፈላላይን ቃና ህዝቢ ኣጉላዕሊዑ ንክወጽእ ዝገበሩ። እዚ ድማ ብዘይ ናይ ማቲዎስ ሃብትኣብ ህርኩትነትን ሓላፍነታዊ ኣማሓዳድራን ህያው ክከውን ኣይምካኣለን።

ማቲዎስ ናይ ባሕቂ ሙቅሉል መስተውዓሊ ሳሓቅን ፍሽክታ ዝመለለይኡ ጋዜጠኛ እዩ። ከም ጋዜጠኛ ዕውት ንክከውን ዘክኣሎ ጽን ኢለካ ናይ ምስማዕ ክእለቱ እዩ።  እዚ ብልጫ እዚ ድማ እዩን ጋዜጣ መቃልሕ ብልጽቲ ኮይና ክትወጽእ ዘክኣላ። ጋዜጣ መቓልሕ እታ ብፕሮፌሰር ተኪኤ ፍስሓጽዮን ዝተዳለወት “እቲ ካልእ ድምጺ ይሰማዕ” ዝብል ጽሑፍ ካብ ቋንቋ እንግሊዝ ናብ ትግርኛ ቶርጉማ ዘቕረበትን ነቲ ብትሒም ትሒም ብውሽጡ ውሽጢ ዝበላላዕ ዝነበረ ፖለቲካዊ ቅልውላው ሃገርና ንቅርዓት ክምዝወጽእ ዝገበረት ጋዜጣ እያ።

ጋዜጣ መቓልሕ ንቀልዓለም ዘይኮነ ናይ ብሓቂ ድምጺ ህዝቢ ንክስማዕ ዝገበረት ናይ ብሕቲ ጋዜጣ እያ ኔራ። ነቲ ዓሰርተ ሰለስተ ሙሁራት ናብ መራሕ መንግስቲ ዝተጻሕፈ

ደብዳቤ ኣቃሊሖሞ። ብተወሳኺ፡ ዋላኳ ብተደጋጋሚ ህግደፋዊያን ድምጺ ናይቶም ቅሉዕ ደብዳቤ ናብ መራሒ ህግደፍ ኣቶ ኢሰያስ ኣፍወርቂ ዝጻሓፉ ላዕለዎት ሓለፍቲ ንከይ ቃላዕ ዝተፈላለየ ቀጥታውን ብተዘዋዋርን ምፍርራሓትን ምትዕንቃፋትን እንተተገብረሎም። እዞም መንሰያት ግን ንሰነ-ምግባር ጋዜጠኝነት ጥሒሶም ትም ክብሉ ኣይ መረጹን እቲ ሓቂ ህዝቢ መታን ክፈልጦ ዶርጉሖሞን፡ ነቶ ላዕለዎት ሓለፍቲ ልሳን ኮይነሞም እዮም። ማቲዎስ ከም ዋና-ኣሳናዳኢ ኮይኑ ነዚ ተባዕ ስጉምትታት ኣብ ምውሳድ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ቦታ ዝሕዝ እዩ ኔሩ። ኣብ ርእሲ 'ዚ ሃገር ንምክልካልን፡ ሃገራዊ ግዴትኡ ኣብ ምፍጻምን ቶጋላባነት ዘየርኣየ መንእሰይ እዩ።

ማቹ ኣብ ጋዜጣ መቓልሕ ዝወጽእ ዝነበረ ርእሲ-ዓንቀጻትን ብሱል ፖለቲካዊ ጽሑፋት ኣብ ምድላው ዝላዓለ ተራ ክምዝነበሮ ይፍለጥ። ብሰንኪ ሞይኡ፡ ኣብ ከቲቱሉ ዝነበረ ኣሃዱ ብዙሕ ጸገማት ኣጓኒፍዎ እዩ፡ ብዙሕ ግዜ ኮብሊልካ ተባሂሉ ዘይግቡእ ማእሰርትን ወታሃደራዊ መቕጻዕቲ ወሪድዎ እዩ። እዚ ግን ንማቹ ካብ ዕላምኡ ንድሕሪት ኣየበሎን። ማቲዎስ ብዙሕ ግዜ ብከምዚ መንገዲ ስለዝተገፈፈ ድማ 'የን ተጣበቅቲ መሰል ጋዜጠኛታት ብተደጋጋሚ ግዜ ንምጭዋይ ማቲዎስ ዝምልከት ደብዳቤታት ናብ መንግስቲ ኤርትራ ዝጻሓፉ።

ማቹ ንሓቂ ዶው ብምባል ናይ ቃል ምፍርራሕን ምእሳርን ድምብርጽ ከይበሎ ንሞይኡ ኣክቢሩ ስጋብ መወዳእታ ዝተረባረበ ሓቀኛ መንእሰይ እዩ። ማቲዎስ ጋዜጣ መቃልሕ ምዕሩይን ዝተረጋገጽ ሓበሬታ ንህዘቢ ንምምጋብ ካብ ዘለዎ ድሌት ተላዒሉ እምባኣርዩ፡ ጋዜጣ መቓልሕ ርእይቶታት መንግስቲ ዘንጸባርቕ ጽሑፋት ንከታእንግድ ዝገብር ዝነበረ።

ማቲዎስ ነቲ ብኣባላት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት ኮነ ኢልካ ዝግበር ዝነበረ ምትኑኺላትን ንህዝቢ ጋህዲ ንምግባር ድማ 'ዩ፡ ስፖረታዊያን፡ ሰነ-ጥበባዊያን ሞያዊያን ተባሂሎም ፍቃድ ተዋሂብዎም ካብ ኣገልግሎት ክለቀቁ፡ ጋዜጠኛታት ግን ማዕረ ዕድል ክንፈጉን ፍትሓዊ ስለዘይሙኻኑ ዝጸሓፈ። እዛ ጽሕፍቲ ድማ ኣጠማምታ መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ጋዜጠኛታት ዘብርሀት ዓይኒ ህዝቢ ዝኸፈተት እያ ኔራ።

ማቹ ካብ ካልኦት ጋዜጠኛታት ፍሉይ ዝገብሮ ነገር እንተ ኔሩ፡ ዝበዝሐ ግዚኡ ጋዜጠኛ ብሙኻኑ ከልበትበትን ማእሰርት ዘጋጠሞ ብሙኻኑ እዩ። ነዚ ንምርግጋጽ ብሓምለ 25 ጋዜጣዊ መግለጺ ሲ.ፒ.ጄይ (ኮሚተ ምክልካል ጋዜጠኛታት) ምርኣይ ይካኣል።

ማቲዎስ ቅድሚ ጋዜጠኛታት ምዕጻወንን፡ ጋዜጠኛታት ኣብ ቀይዲ ምእታዎም ናይ ዕረፍቲ ፍቃድ ተዋሀብዎ ክነሱ ኮብሊልካ ብዝብል ምስምስ ኣቅዲሙ ኣብ ቀይዲ ኣትዮ ዝነበረ ናይ መጀመርታ ቅዩድ ጋዜጠኛ እዩ።

ማቲዎስ ነቲ ዝኣምነሉ ነገር ንቕንቕ ከይበለ ስጋብ ግዜ ማእሰርቱ ደው ዝበለ ሓቀኛ መንእሰይ እዩ። ማቹ ዘርእዮ ዝነበረ ጽንዓት ድማ እዩ፡ እቶም ብዕደመ ምንኣሱ ዝኮኑ መሳርሕቱ ተቢያም ንክሰርሑን፡ ንክቅጽሉን ዝገበረ ባሃር ጋዜጠኛ እዩ። ማቹ መቃልሕ ህዝቢ ስለዝኮነ ጥራሕ እዩ ልዕሊ ኩሎም ማሓዙቱን  መሳርሕቱን ዝተሳቀየ፡ ማቹ ከምቶም ኩነታት ትኸፍእ ከምዘላ ምስ ኣስተባሃሉ ጭርኦም ዶጊሎም ናብቲ ንኩል ሕቶታት ብስነ-ሞጎት ሓይሊ ክፈትሕ ተቀሪቡ ዝነበረ ህግደፍ ዝለኸበጡ ባዓል ቢንያም ኮፕራን ካልኦትን ኣይለክበጠን። ማቹ ኣብ ስድርኡ ይኩን ሕብረተሰቡ ተጋዳልቲ ወሽለክለክን ሓሶትን ስለዘይዓበየን፡ ኣንጻር መንነት ኤርትራዊነት ደው ንክብል  ሕልንኡን ኣይፈቀደሉን።

እዚ ስለዝኮነን ብርዒ ማቹ ንሓቅታት ትትርኮን ስለዝነበረት ድማ ‘ዩ። ዓሳ ንምጥፋእ ባሕሪ ምጽናት ዝብል ኣብነት ገዛእቲ ኢትዮጲያ ብምስዓብ ንብርዒ ህዝቢ ንምጥፋእ፡ጋዜጠኛታት ምጥፋእ ዝብል መምርሒ ክውን ንምግባር ማትዖስ ሃብተ ኣብ ቀይዲ ዝኣተወ።

ኣመል ምስ መግነዝ ከምዘብሃል፡ ወያ ኣብ ሜዳ ን ሕቶታት ዲሞክራሲን ዘልዓሉ ብዙሓት ሓርበኛታት ዘሕቀቀት ጉጅለ፡ ሽጣራታታ ዳግማይ ብምዓር ጎልቢባ ህዝቢ ንምድንጋር ተ ዓጥቀት። መዝገበ-ቓላት ጽልኢ እንዳተገንጸለ፡ ኣሎ ዝብሃል ኤርትራዊ ይጸልኦ እዩ ዝብሃል ስም ተናድዩን ተኸሸኑን ተዋጢይሉ። ጋዜጠኛታት ዕሱባት ወያነን ኣሜሪካ ፈላለይቲ ተጠሚቖም። ህዝቢ ‘ውን እንተስ ብፍርሒ እንተስ ነገራት ካብዘይምርዳእ ትም መሪጹ። ስቅትኡ ግን መፍትሒ ዘይኮነ ጭቆና፡ ስደትን ወሊዱ። እቲ ማሓዝቱ እንዳ ብኣባላት ጸጥታን ሎኽላኺትን ሃለዋቶም እንዳጥፍኡ ትም ድበለ መንእሰይ ወለዶ ኣደዳ ማሕዩርን ሃለዋት ምጥፋእን፡ ስደትን ከርተትን፡ ድራር ምድረበዳታት ሳህራን ባሕሪ መዲተራንያን ኮይኑ ይርከብ። ስለዚስ “ንፍትሒ ዝስኣኑ ፍትሒ ይወጽኣሎም” ምባል ንነብስካ ፍትሒ ምንዳይ እዩ። ኣብ ርእሲ ከም ሃገር ዘወሓስና ወለዶ ፍትሒ ንምውሓስ ንላዓል። እዚ ምንታይሲ ፍትሒ ዝሕላገትና ወለዶ ስለዝኮና። ንህዝብና ፍትሒ ኣብ ምውጻእ ሓላፍነት ስለዘሎና።